፮ይ ሰንበት ዘጽጌ 2019 ዓ.ም.
ጥቅምቲ 29 2019 (11/8/2026)
ክርስትያን ህንፃ አምላኽ እዩ!



መዝሙር፡ ክርስቶስ ሠርዐ ሰንበት... ክርስቶስ ሰንበት ሠርዓልና ብአኡ ሓቢርና ክንሕጎስ ዕረፍቲ ክትኮነና ሃበና፥ ግራውቲ ወይኒ ዓምበቡ አታኽልቲ ፈረየ ሰለሙን እኳ ከም ሓደ ካብአም አይለበሰን።

ንባባት፡ 1ቆሮ 3፡9-17፥ ያዕ 1፡1-12፥ ግ.ሓ. 28፡7-17፥ ሉቃ 19፡45-48።

ምስባክ፡ አርውዮ ለትለሚሃ፥ ወአስምሮ ለማዕረራ፥ ወበነጠንጣብከ ትበቍል ተፈሚሓ። ንነግሕታታ ተስትዮ፥ ንድንኵላታ ትምድምዶ፥ ብዝናም ተለምልማ፥ ንብቑላ ትባርኾ፥ መዝ. 65፡10።

መዓልቲ ሰንበት ምስ አምላኽ እንራኸበላ ጸጋ እንዕደለላ ዕለት ስለ ዝኾነት ክነኽብራ ይግባእ። ሰንበት አኽብሩ ጽድቂ ግበሩ ይብለና አምላኽ። ሰንበት ዘየኽብር ንአምላኽ አየኽብርን እዩ፥ ስለዚ ብምዓልቲ ሰንበት ክንጽሊ ክንሳሕ አብ መአዲ ቅ. ቍርባን ክንሳተፍ ይግብአና።

ናይ ሎሚ ሰንበት ንባባት ብዛዕባ ሕንጻ አምላኽ ይዛረብ። አምላኽ ብብዙሕ መገዲ አብ ማእከልና ክነብር ይደሊ። አብ ንባባትና ተመርኩስና ብዛዕባ ቤተ መቕደስ ዝብል ክርእዮ ከሎና ክልተ ሓሳባት ዝሓዘ እዩ። ፩ያ ግዙፍ ህንፃ ቤት አምላኽን አምላኽ ዝቕመጦን ቦታ ምኻኑ። ፪ይ ህንፃ ቤተ መቕደስ ንሕናን አመንቲ ግዙፍ መረጋገጺ ናይ አምላኽ ግልጸት አብ ዓለም ምኻና ተረዲእና ዝኾነ ሰብ ቅዱስን ዝተበረኸ ምኻኑ ክንሓስብ አሎና።

ብዛዕባ ህንፃ ቤተ ክርስትያን ክንዛረብ ከሎና ብዙሕ ዘይቅኑዕ ርድኢትን አገላልጻን አብ መንጎ ብዙሓት አሎ። እግዚአብሔር አብ ኩሉ ስፍራ እዩ ዝርከብ ግድን አብ ቤተ ክርስትያን ጥራሕ አይንረኽቦን ኢና፥ ቤተ ክርስትያን መአከቢ እዩ፥ እምበር ካብኡ ንላዕሊ ብፍሉይ ክንርእዮ አየድልን፥ ዝብሉ ብዙሓት እዮም ነዚ መሰረት ገሮም ከአ አብ ቤተ ክርስትያን ክኸዱ አይደልዩን ከምኡ ንቤተ ክርስትያን ከምቲ ዝግባእ ክብሪ አይህቡን።

አብ ብሉይ ኪዳን እግዚአብሔር አብ ፍሉይ ቦታ ከምኡ ፍሉይ መራኸቢ ምስ ደቂ ሰብ ይጥቀም ከም ዝነበረ ነንብብ፥ አብ ደብረ ሲና ንሙሴ እዚ ዘሎኻዮ ቦታ ቅዱስ እዩ እሞ ሳእንኻ አውጽእ ክብሎ ንሰምዕ፥ አብ ቤተ መቕደስ ቅድስተ ቅዱሳን ፍሉይ ቦታ አምላኽ እሞ ሊቀ ካህናት አብ ዓመት ሓደ ጊዜ ምእንቲ ርእሱን ምእንቲ ህዝብን መስዋዕቲ ዝዓርገሉ ከምዝኾነ ነንብብ፥ ጎ.ኢ.ክ. ባዕሉ ቤተ መቕደስ ቤት ጸሎት ንአምላኽ ጥራሕ ዝግባእ ቦታ ከምዝኾነ ነቶም ንቤተ መቕደስ ዘራኽሱ ዝነበሩ ከምዝሰጎንም ነንብብ ስለዚ ቤተ መቕደስ ፍሉይ ቤት አምላኽ እዩ። ቤተ ክርስትያን እውን ነቲ ህንጻ ጸሎት አብኡ ማሕበር ክርስቶስ ዝእከቡሉ ዝጽልዩሉ መስዋዕቲ ቅዳሴ

ዘዕርገሉ ኩሉ ምስጢራት እንዕደሉሉ ስለ ዝኾነ ቅዱስ ቦታ ክብረት ዝውሃቦ ፍሉይ እንፃ አምላኽ እዩ።

አብ መጽሓፍ ሕዝቅኤል 47፡1-12 እንተ አንበብና ብዛዕባ ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ራእይ ከም ዝረአየ ይነግረና፥ አብዚ እንርእዮ አብ ውሽጢ ቤተ መቕደስ አምላኽ ከምዝሓድር እዩ። አብኡ አምላኽ ከምዝሓድር ከምኡ አብ መንነ ህዝቡ ከምዝሓድር ክነግር እንከሎ ቤተ መቕደስ ወይ ቤተ ክርስትያን ሓደ ቦታ ኮይኑ ካብኡ በረኽት አምላኽ ዝምንጭወሉ ዘለዓለምዊ በረኽት እንረኽበሉ፥ መንፈሳዊ ጽምእናን ጥመትናን እንዕንገለሉ፥ ልዕሊ ኹሉ ኽአ ምሕረት እንረኽበሉ አብኡ ኢየሱስ ናይ ጊልዓድዶ ፈውስና (ኤርም 8፡22) ዝኾነ ቍስሊ ነፍስና እንሓውየሉ እዩ። ሕዝቅኤል ነቲ ካብቲ ቤተ መቕደስ አምላኽ ወይ ቤተ ክርስትያን ዝውሕዝ ከምዚ ገሩ ይገልጾ፡ እቲ ውኂዝ ዝአተዎ ዘበለ ድማ ኹሉ ብሕይወት ኪነብር እዩ. . . እዚ ውኂዝ ዝበጽሖ ጥዕናን ሕይወትን ይረክብ. . . ምኽንያቱ እዚ ማይ ካብ ቤተ መቕድስ ስለ ዝመጽእ ይብል። አብዚ ፍልልይ ናይ ሓደ ማንም አዳራሽን ዝተመረቐ ቤተ መቕድስን ክንርኢ ንኽእል። አብ ሓደ ቤተ ክርስትያን ናይ ቅድስት ስላሴ ህላዌ አብኡ ይረክብ። ቅዱስ ቀዋሚ ቦታ አምላኽን ቦታ ጸሎትን እዩ፥ ስለዚ ዝለዓለ ክብሪ ክውሃቦ ይግባእ።

አብ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ (1ቆሮ 3፡9-17) አብቲ ካልአይን ቀንድን ትርጉም ቤተ መቕደስ እንታይ ከምዝኾነ ይነግረና። ህንጻ አምላኽ ኢኹም. . . . መንፈስ ቅዱስ አባኹም ኃዲሩ ምህላዉንዶ አይትፈልጡን ኢኹም፥ እዚ እዩ ትኽ ኢሉ አብቲ ቀንዲ ትርጉም ዝወስደና። ንሕና ማኅደር መንግስቲ አምላኽ ኢና ምኽንያቱ ልባትና ውሽጣዊ መቕደስ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ጳውሎስ አብዚ ፍሉይ ህላዌ አምላኽ አብ ልባትና ይሕብረና። ንሕና ሕያውን ዝንቀሳቐስ ቤተ መቕደስ አምላኽ ኢና።

ፍሉይ መጸዋዕታ አሎና ሎሚ ነዚ ቤተ መቕደስ ብቅድስና ብንጽሕናን ኣኽብሮትን ክንሕዞ። ምኽንያቱ አምላኽ አብ ቀለዓለም ዝመልኦ ነገር አይነብርን እዩ። ቤተ መቕደስና ብቅድስና እንተ ነበረ አብ መንነና ክነብር እዩ። እንተ ዘይኮነ ከምቲ እስራኤል ንአምላኽ ምስ አሕረቐዎ ታቦት አምላክ ምስ ተማረኸ ሰይቲ ፊንሃስ ኢካቦድ ኢላ ቅድሚ ምማታ ነቲ ዝወለደቶ ሕፃን ስም አጺአትሉ (ክብረት አምላኽ ካባና ክርሕቐ እዩ ፩ ሳሙኤል 4፡21)። አብ ጊዜና ተመሊስና እንተ ረአና ብስም ነጻነት ከምኡ መሰል ሰባት ብዝብል ጉልባብ ክንደይ ጊዜ ሰባት (ቤተ መቕደስ አምላኽ) ዘይተገፍዑ። ሰባት ነዚ አብ ድራግ ብምእታው፥ ወልፊ ስኽራም ዝሙት ብዝተፈላለየ ናይ ዘመና ፋሽን ኮይኑ ንደቂ ሰባት ካብ አምላኽ የርሕቐም አሎ። እዚ ኹሉ መሰረቱ ንሕና መን ምኳና ብዘይምፍላጥና ወይ ከአ ንመንነትና ሸለል ብምባልና እዩ፥ ንሕና ቤተ መቕደስ አምላኽ ኢና። አብ ርእስና እንተ ርአና መጀመርያ ናይ አምላኽ ኢና ምኽንያቱ ባዕልና አይተፈጠርና። በዚ ምኽንያት እዩ ጳውሎስ መጠንቀቕታ ዝህበና ንቤተ መቕደስ አምላኽ ዘይናቱ ክብሪ ከይንህቦ። ሓደ እኳ ነታ ቤተ መቕደስ አምላኽ እንተ አፍረሰ አምላኽ ከፍርሶ እዩ፥ ቤተ መቕደስ አምላኽ ቅድስቲ እያ። እዛ ቤት መቕድስ እዚአውን ንስኻትኩም ኢኹም (1ቆሮ 3፡17)።

አብ ወንጌል ዮሓን 2፡13-22 ዘሎ እንተ ርአና ናይ እዚ ቤተ መቕደስ አምላኽ ዝለዓለ ትርጉምን ምስጢርን ይነግረና። ንቤተ መቕደስ አምላኽ ከመይ ገርና ብኣኽብሮትን ብጥንቃቐን ክንሕዞ ከምዘሎና ይነግረና። ኢየሱስ ጠቕሊሉ ነቲ ሓሳብ ክገልጽ እንከሎ ነዚ ቤተ መቕደስ እዚ አፍርስዎ አነ ኽአ ብሰለስተ መዓልቲ ከልዕሎ እየ ኢልዎም . . . ንሱ ብዛዕባ ቤተ መቕደስ ሰብነቱ እዩ ዝተዛረቦም (ዮሓን 2፡17)። ሰውነትና ከም ቤተ መቕደስ አምላኽ መጠን ብማይ ጥምቀት ዝነጽሐ ብቅብአተ ሜሮን ዝተቐደሰ፥ ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ እዩ፥ ከምኡ ቤተ

ክርስትያን ማኅደር ቅድስት ስላሴን ናይ እቲ ኅሩይ ወለዶ ናይ ንጉሥ ካህናት፥ ቅዱስ ህዝቢ ጥሪት አምላኽ ዝኾነ ሕዝቢ (1ጴጥ 2፡9) ማኅደር እያ።

ሎሚ ነዚ ቅዱስ ሓሰብ ክነስተንትን እንከሎና አምላኽ አባና ምሳና ከምዘሎ ኢና እነስተንትን ዘሎና። አብ ሓዲስ ኪዳን ኅንጻ ቤተ መቕደስ የለን፥ እቲ ቤተ መቕደስ ሎሚ ማሕበር ክርስትያን ናይቲ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ሰውነት ዝኾነት እያ። ንኣኹም ዝረአየ ንኣይ ረአየ፥ ንኣኹም ዝሰምዐ ንኣይ ሰምዐ ይብልና። ሎሚ እምብኣር ንሕና መን መኻና ክንዝክር፥ ከመይ ከምዘሎና ክንርኢ፥ ንመን ንመስል ከምዘሎና ፈሊጥና ንዓለም ቤተ መቕደስ አምላኽዶ ኮይነ አሎኹ ክንብል።

ቅዱስ ጳውሎስ ንሕና መዓይይቲ አምላኽ ኢና፥ ንስኻትኩም ከኣ ግራት አምላኽ ኢኹም፥ ሕንጻ አምላኽ ኢኹም (1ቆሮ 3፡9) ይብል። ጳውሎስ ንርእሱ ከም ሃናጻይ ይወስድ እዚ ግን ናይ ግዙፍ መንደቕ ሃናጻይ ዘይኮነ ናይ ህዝቢ ሃናጻይ እዩ። ንሱ ጀማራይ እዩ ካልኦት እዮም ነቲ ህንጻ ዝውድእዎ ወይ ዝቕጽልዎ፥ እዚ ናይ ህዝቢ ህንጻ ሓደ መሰረት እዩ ዘልኦ ንሱ ኸኣ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ።

አብ መወዳእታ ኢየሱስ ንኹልና ዝበሎ ክልተ ወይ ሰለስተ ብስመይ እንተ ተኣኪቡ አነ አብ ማእከሎም አሎኹ ዝብል እዩ። ብሓደ ሓቢርና ብሓደ መንፈስ ክንጽሊ እንተ ኸኣልና ከምኡ ፍቕሪ እንተ አንገስና አምላኽ ምሳና አሎ። ከሰክፈና ዘለዎ ንአምላኽ ቦትኡ ንኻልእ ሂብና ከይንህሉ። ንገንዘብ ንምቕት ንዓለም ሂብና ጠፊእና ከይንህሉ ሎሚ አበሎኹ ንመንከ እመስል አሎኹ ክንብል ይግብኣና።

ልብና ምፍታሽ የድልዮ አሎ፥ ክጸሪ ሰላም ክረክብ ክምሕር አብ ጽቡቕ ክምለስ የድልዮ አሎ። አብ ልብና አቲና ክንፍትሽ እንተ ኸኣልና ክንደይ ክነጽርዮ ክንዕርዮ ዘድልዮ ነገራት ክንርኢ ኢና። አብ መንበረ ንስሓ አቲና ንስሓ ኃጢኣት ክንገብር ምሓረና ክንብል እዋኑ እዩ። ነዚ ክንገብር እንተ ኸኣልና ጥራሕ እዩ ልብና ቤተ መቕደስ አምላኽ ክኸውን ዝኽእል።

ማርያም ቅ. ገብርኤል ከበስራ እንከሎ ጸጋ ዝመልኣኪ እንካብ አንስቲ ዝተባረኪ እናበለ አበሲርዋ። መንፈስ ቅዱስ ከጽልለኪ ኃይሊ እቲ ልዑል ከኣ አባኺ ክወርድ እዩ ክብላ እንከሎ ማኅደር አምላኽ ከምዝኾነት ገሊጹላ። ንሳ ልዕሊ ኩልና ታቦት አምላኽ ኮይና ንምስጢር አምላኽ ልዕሊ ኹልና አብ ሕይወታ አወሃሂዳቶ። አደ አምላኽ ንብላ እዚ ፍሉይ ክብርን ቦታን ይህባ። ከምኩለን አደታት ንወዳ ኩሉ ባህሪ ሥጋ ሂባቶ ንሱ ኸኣ ምልእተጸጋ ገርዋ። ካብ ማርያም እንምሃሮ ንአምላኽ ልብኻ ሕይወትካ ሂብካ ምኽአል። ልብና ከፊትና እንተ ኸኣልና መንፈስ ቅዱስ ሎሚ እውን አባና ክሓድር እዩ።

ኦ ማርያም አደና አስርኪ ስዒብና ልብና ሕይወትና ብምልኡ ታቦት አምላኽ ክኸውን ለምንልና። እቲ አብ ልብኺ ዝኃደረ መንፈስ ቅዱስ ሎሚ እውን አብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ኃዲሩ ታቦቱ ኽንብረና ለምንልና ንበላ።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ